ኣብ ቢሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
Tigray Regional State Of Government
ዞባ ሰሜን ምዕራብ
North Western Zone
ከተማ ሽረ-ስ/ስላሴ ምምሕዳር ቤት ፅሕፈት
Shire Endaslassie City Administration

Ref.No 912-6-8
ዕለት
Date 2-6-09

ናብ ኣባላትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ሽረ
ሰሜን ኣሜሪካ

ዋኒኑ፡- ብዛዕባ ንምንቅስቓስኩም ናእዳ ምሃብ ይምልከት

ኣብ ሳዕሊ ከም ዝተሓበረ ንስኹም ኣብ ፅላል ማሕበር ልምዓት ትግራይ ንዝተጣየሸት ማሕበር ልምዓት ሽረ ንምጥንካርን ንም ሕያልን እትገብርዎ ዘለኩም ምንቅስቓስ ልዕሊ ኩሉ ዝርአን ዝስራዕን ተግባር ስለ ዝኾነ ምትእስሳርናን ሓድነትናን ኣጠናኺርና ኣብ ከተማና ዝርኣዩ ፀገማት ብስፍሓት ክንዓምም ከም ዘለና ብምዝኽኻር ክሳብ ሕጂ ኣብ ዝገበርኩምዎ ፃዕሪ ዝተወሰነ ሓሳባት ክንህብ ኢና፡፡

1. ኩልና ከምንፈልጦ ደርጊ ፀረ ሰላምን ልምዓትን ዲሞክራሲን ስለዝነበረ ንዓመታት ዝዘለቐ ደማዊ ቃልሲ ተኻይዱ ኣብ ውሽጢን ወፃኢን ዘሎ ትግራዋይ በቢ እጃሙ ተሓባቢሩ ደምሲስዎ እዩ፡፡ ሰላማ ቃልስና ግና ደርጊ ምድምሳስ ናይ መጨረሻ ሸትኡ ዘይኮነስ ሰላም ልምዓት ዲሞክራሲ ብሓፈሻ ፍትሓዊ ስርዓት ምንጋስ ከም ዝነበረ ብተግባር ኩላህና ዝተቓለስናሉ እዩ ፡፡
2. ንስኹም ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ እትርከቡ ኣባላትን ደገፍትን ማ/ል/ሽ ድማ ኣንፈት ዕላማና ተግባራዊ ንምግባር ከተማና ናይ ቤተ መፃሕፍቲን ቤተ መዘክርን ፀገም ከም ዘለዎ ብምስትውዓል እዚ ፀገም ብምፍታሕ ከተማና ናይ ምርምርን ማእኸል ቴክኖሎጂን ክትኮን ቅድሚ 3 - 4 ዓመት ተበግሶ ወሲድኩም ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ ዝመሓላለፍ ዓብይ ልምዓታዊ ትካል ቤተ መፃሓፍትን ቤተ መዘክርን ኣብ ምቅልጣፍ ህንፀት ከም ዘለኹም ትፈልጥዎ ሐቂ እዩ፡፡
3. ኣብዚ ህንፀት ዝነበረ ምዝንጋዕን እዚ ትካል ነባሪ ከተማ ሽረ መንግስቲ ሰራሕተኛ ናይ ምምሕዳር ኣካላት ቀላሕታ ዘይገብርሉ ከም ዘሎ ንምንታይ እዩ ዝብል ሕቶ ኣልዒልኩም ናይ ባዕልኹም ልኡኽ ሰዲድኩም ምስ ዝምልከቶም መንግስታዊ ኣካላትን ዓበይቲ ዓድን

034 4 44 2209
034 4 44 3712
034 4 44 2553
✉ 233
Fax 034444 4430

ምርድዳእ ብምግባር ኣብዚ ዝነበረ ልሕሉሒ ዝምድና ክጠናኸር ብምግባር እቲ ህንፀት ከም ብሓዱሽ ክሳለጥን ገንዘባዊ ደገፍ ካብ ባዕሉ ካብቲ ህዝቢ ክውሕጅን ግቡእ ግንዛበ ኣብቲ ህዝቢ ክጭብጥን ንዝገበርኩሞ ፃዕሪ ብምምስጋን ካብ ሕዚ ግና እቲ ውራይ ህንፀት ቤተ ንባብን ቤተ መዘክርን ናይ በይትኹም ከም ዘይኸውን ንሕና ኣብ ውሽጢ ዓድን ከተማ ሽረ-እ/ስላሰ ዘለና ህዝቢን መንግስታዊ ኣካላትን'ውን ናይ ልምዓት መሓዙትኩም ኮይና ከም ሓደ ቀንዲ ውራይና ጌርና ብስፍሓት ኣብ ህዝቢ ልቢ ክነሰርፃን ዘይደርቅ ፍልፍል ገንዘብ ንማ/ል/ሽ ከወፌን እቲ ፃዕሪ ጀሚርናዮ ኣለና፡፡ ክሳብ ሕጂ 200,000 ብር ወፈያ ናይ 2ተ መድረኽ ጀሚርና ኣለና ኣጠናኺርና ድማ ክንቅፅሉ ኢና፡፡

- ✓ ውራይና እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ህንፃ ምምላእ ዘይኮነስ ኣብ ዙርያ ማ/ል/ሽ ኩሉ ህዝቢ ብምዕሳል ህዝቢ ይጠቅመኒ ዝብሎም ፕሮጀክትታት ብምሕንፃፅን ብምትግባርን ማ/ል/ሽረን ህዝቢን ሓደ ኣካል ምግባር እዩ፡፡
- ✓ ስለዚ ዋላ ኣብ ዝኸፍአ ፀገምን ኩነታትን ኮይንኩም ቃልሲ ፀረ ድኽነት ቀፅልሉ ንሕና 'ውን ምስቲ ህዝቢ ኣብቲ ባይታ ኮይና ምስ ልምዓታዊን ዲሞክራሲያዊን መንግስትና ሕቶታት ህዝቢ ንምምላስ ድልዋት ኣለና በርትዑ ቀፅልሉ ናእዳና ወሰን የብሉን፡፡

ምስ ሰላምታ

ፍስሃ ውበት
Fiseha Wubet
ም/ከንቲባ
V/Mayor

Tigray Regional State Of Government
North West Zone
...inistration

ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

*The National Regional State of Tigray*

ዞባ ሰ/ምዕራብ ምምሕዳር

*North western zone administrative office*


ቁፅሪ *Ref.No* ስ/1 893/97 ዕለት *Date* 2/6/2004

---

ናብ ሰሜን ኣሜሪካ ማሕበር ልምዓት ሽረ (ማልሽ ኮሚቴ)

<u>ቦስተን፣</u>

**ዋኒን፡- <u>ናይ ምስግና ወረቐት ምሃብ ይምልከት</u>**

ማሕበርኩም ማሕበር ልምዓት ሽረ (ማልሽ) ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃኢን ብደቂ ከባቢን ፈተውቲ ከባቢን ንምስሊ ከተማ ሽረን ከባቢኣን ንምልዋጥ ቅድም ኢልኩም ንዝጀመርኩሞ ሰናይ ልምዓታዊ ምንቅስቓስ ኣብ ዝረኣዩ ናይ ህዝቢ ልምዓት ሰብ ዋና ኮይንኩም ብኣካልን ብገንዘብን ንዝገበርኩሞ ሓገዝ ኣብቲ ህዝቢ ፈጢሩዎ ዘሎ ወነን ተሳትፎን ዓብይ እዩ። ስለዚ ናትኩም ልኡኽ ብዝግባእ ተቐቢሎም ናብ ህዝቢ ሽረ ንምብፃሕ ንዝመፁ ንኣይተ ብርሃነ ትኩእ ዕቡቕ ምትእስሳር ምስ ህዝብን ከባቢ ምምሕዳርን ዝፈጠሩ ምኳኖም እንዳመስገና ንቐፃሊ'ውን ማሕበር ጨንፈር ሰ/ኣሜሪካ ማልሽ ንቕድሚት ኣብ ጎንና ኮይኑ ክምዝሰርሕ ሙሉእ እምነትና ኮይኑ ንዝገበርኩሞ ኣብነታዊ ናይ ልምዓት ሃርበኝነት ብሽም'ቲ ነባሪ ህዝብን ምምሕዳርን እንዳመስገና መግለፂ ሰናይ ሓጎስና እዚ ደብዳቤ'ዚ ዝሃብናኩም ምኳና ንገልፅ።

ምስ ሰላምታ

ሚኪኤለ ኣብርሃ

Micheale Abraha

[illegible] ኣማሓዳሪ

---


☎ 0344-44-2990
0344-44-3869

✉ 230

ቁፅሪ 248/ፂ-ሽ/64.1/2004
ዕለት 1-06-2004 ዓ.ም

ናብ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ናብ እትርከቡ ኣባላት ማሕበር ልምዓት ሽረ
ኣሜሪካ

ዋኒኑ:- ናይ ምስጋና ደብዳቤ ምፅሓፍ ይምልከት

ኣብዚ ሕዚ እዋን ቐንዲ ፀላኢ ዝኾነ ድኽነትን ድሕረትን ካብ መሰረቱ ንምጥፋእ መንግስትናን ዉድብናን ናይ ሓፂርን ነዊሕን ትልሚ ሓንፂፁ ንመላእ ሕ/ሰብ ብፍላይ ድማ ነቲ መልማዓይ ዝኾነ ዜጋ መንእሰይ በቢ ዉዳበታቱ ኣናቓነቐ ኣብ ሰፊሕ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ይረባረብ ኣሎ፡፡ ናይዚ ዉፅኢት ድማ ሃገራዊ ዕብየትና በቢ ዓመቱ ልዕሊ ክልተ ድጅት እናቁፀረ ንካልኦት ናይ ኣፍሪካ ኢሉ እዉን ናይ ኤስያ፣ኣዉሮፓን ብጠቕላላ ድማ ንምዕራባዉያን ብቁልጡፍ ቁጠባዊ ምዕባለ ምርግጋፅ ኣብነት ዝኾነት ኢትዮጵያ ምርኣይ ኪኢልና ኢና፡፡ ናይዚ ቐንዲ ምኽንያት ድማ ናይ ዉድብናን መንግስትናን ዉሕሉል ኣመራርሓ ከምኡ እዉን ናይ ህዝብና ብፍላይ ድማ ናይቲ ዝተወደበ ህዝብና ናይ ልምዓት ሓርበኛነት ዉፅኢት እዩ፡፡

ማሕበር ልምዓት ሽረ እዉን ከም ሓደ ናይ ልምዓት ሓይሊ ኣብ ከተማና ዘሎ ማሕበራዊ ፀገማት ንምቕላል ካብ ዝተመስረተትሉ እዋን ጀሚራ ክሳብ ሕዚ ክድህሰስን ክጭበጥን ዝኽእል ስራሕ ሰሪሓን ትሰርሕን ኣላ እያ፡፡ ናይቲ ስራሕ ባዓል ዋና እቲ ጠቕላላ ኣባል ማልሽን ህዝብን እኳ እንተኾነ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ እትርከቡ ኣባላት ማሕበር ልምዓት ሽረ ነቲ ጠቕላላ ኣባል ኣብ ምንቕናቕ፣ነቲ ሕዚ ዝስራሕ ዘሎ ዓብይ ፕሮጀክት/ቤተንባብን ቤተ መዘክርን/እተበርክትዎ ዘለኹም ናይ ገንዘብን ሞራልን ሓገዝ ዝናኣድ ስለዝኾነ ቐፀሊሉ እናበልና ብወገን ቤት ፅሕፈት ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን እዉን ኣሰርኩም ተኸቲልና ካብ 400-500 ዝኸዉን ናይ ከተማና መንእሰይ ብምእካብ ምንቅስቓስ ማልሽ ንክርዳእን ናብ ኣባልነት ተፀንቢሩ ግቡኡ ክዋፃእ ዝገበርና ምዃና እናሓበርና ሓደ ሓደ ፀረ-ልምዓት ሓይልታት ዘናፍስዎ ኣሉዋልታ ከይተደናገርኩም ማሕበርና ብዝግባእ ኣብ ስራሕ ምህላዋ ተረዲኣኹም ተጠናኺርኩም ክትሰርሑ እናሓበርና

ኣባላት ማ.ል.ሽ ዝኾንኩም መናእሰያትና እዉን ከምቲ ኣብ ብርታዊ ዕጥቂ ቓልሲ መናእሰያትና ዘመስከርዎ ዓወት ብልምዓት እዉን ታሪኽ ክትመዝግቡ ሕድሪ ኣለኩም እዋ ሕድርኹም ኣፅንዑ፡፡

ምስ ሰላምታ!

ጉዕሽ ዝ/ስላሴ ኣስፋሃ
ሓላፊ ቤት ፅሕፈት

ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
ዞባ ሰሜን ምዕራብ ምምሕዳር ቤት ፅሕፈት

ቁፅሪ ፐ/894/97
ዕለት 21/6/2004

ናብ ሰሜን ኣሜሪካ ማ.ል.ሽ ቦርድ

ርሕቐት ቦታ ከይዓገተኩም ስለ ናይ ዓድኹም ልምዓትን መነባብሮ ህዝብኹም ንምሕያሽ ብዘለኩም ዓቕሚ ሃገራዊ ብፅሒትኩም ንምውፃእ ማሕበር ኣባላትን ደገፍቲ ትማሕበር ብምኧን ዓብይ ናይ ፍልጠት ማእኸል ዝኾነ ዘበናዊ ቤተንባብ እናተሰረሐን ኣብ ምጥቕላል ደረጃ ይርከብ እንኳዕ ደስ በለኩም ብሽም ምምሕዳርን ህዝብን ብዝዓበየ ምስጋናን እናገለፅና ሕዚውን ዝሓዝኩምዎ ፕሮጀክትኣብ መወዳእታ ክበፅሕን በቲ መንግስትና ኣውፂእዎ ዘሎ ናይ 5ተ ዓመት መደብ ዕብየትን ስግግርን መሰረት ኣብ ዕብየት ዓድኹም እጃምኩም ንኽተወፍዩ ሓደራ እናበልና ንትገብርዎ ናይ ልምዓት ምንቅስቓስ ህዝብን ምምሕዳርን ኣብ ጎንኹም ከምዘለና ቃል ክንኣትወልኩም ንፈቱ። በዚ ኣጋጣሚ ናይቲ ቦርድ ወኪል ኮይኖም ናብ ትግራይ መፂኦም ዝፀንሑ ኮሚቲ ናይቲ ቦርድ ልኡኽም ለይትን ቀትርን ኢሎም ብምፍፃም ተፈጢሩ ዝነበረ ክፍተት ብእዋኑ ክምላእ ብምግባሮም ደጊምና ነመስግን እቲ ቦርድ ከመስግነልና ንፈቱ።

ምስ ሰላምታ

ደጀን በርሀ
ም/ዋና ኣማሓዳሪ ርክብ ህዝብን መንግስትን

ዕለት 2/6/2004 ዓ.ም
ቁፅሪ ረ-733 ሽ-2004

## ናብ ሰሜን ኣሜሪካ ማሕበር ልምዓት ሽረ ቦርድ ኮሚቴ ቦስተን

ብሩቱዕ ሃገራዊ ወነን ህዝባዊ ወገናውነትን ዝተላበሰ ሓርበኛ ልምዓት ሓውና ኣይተ ብርሃነ ትኩእ ካብ ሰሜን ኣሜርካ ማ.ል.ሽ ቦርድ ወኪልኩም ናብ ዓለም ለኸ ማ.ል.ሽ ዋና መ/ቤት እንዳስላሴ ብምልኣኩም ምሳና ኣብዚይ ኣብ ሽረ ካብ ዝተረኸበሉ ግዜ ጀሚሩ ለይትን ቀትርን ብዘይ ዕረፍቲ ክሰርሕን ከስርሕን ካባና ከይተፈለየ ንክልተ ኣዋርሕ ዝኣክል ፀኒሑ ልዑኹ ሚኢቲ ብሚኢቲ ኣሳኺዑ ናብ ኣሜርካ ተመሊሱ ኣሎ ናይቲ ምሳና ክሰርሖ ዝፀንሐ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ምንም እኳ ካብ ኣንደበቱ ብዝርዝር ክምዝገለፀልኩም እምነትና እንተኾነ ብኣና ኣቢሉውንእቲ ዝነበረ ውዕውዕ ምንቅስቃስን ውፅኢቱንሪፖርት ክንገብረልኩምን ምስክርነትና ክንህብን ስለ ዝግባእ እዚ ንምዕሓፍ ተገዲድና ኣለና ።

ብመሰረቱ ናይ ሰሜን ኣሜርካ ማ.ል.ሽ ቦርድ ኮሚቴ

1. ዓለም ለኸ ማ.ል.ሽ ቦርድ ፈፃሚት ኮሚቴ እንታይ ይሰራሕ ኣሎ ?
2. እንታይ ፀገምስ ይሕልዎ ?
3. ዝተጀመረ ቤተመፅሓፍትን ቤተመዘክርን ፕሮጀክተ ኣብ ምንታይ ብርኪ በፂሑ ንምንታይከ ግዜ ወሲዱ ብሱኑኸ እቲ ተጠቃሚ ሕ/ሰብን ናይ ፖለቲካ ስርዓቱ ኣካላትን ማ.ል.ሽ ቦርድን ተቀናጂዮምን ተዋዲዶምገዶ ይሰርሑ? ዝቡሉ እቶታት ኣልዒልኩም ነዚይ ጭቡጥ መልሲ ንምርካብ ሰብ ወኪልኩም ብምልኣኽ ንምዕራይ ምሕሳብኩም ኣብቲ ናይ ሃገርኩም ልምዓትን ዕድገትን ናይ ሕዝብኹም ናብራ ምምሕያሽን ዘለኩም ትኩረትን ግንዛበን መሰረታዊ ምኧኒ እዩ ዘመልክት ።

እቲ ካልኣይ ዓብይ ጉዳይ በሳል ሓውና ሓርበኛ ልምዓትን ፈታዊ ዓዱን ህዝቡን ትጉሑን እሙንን ልኢኹ ብምስዳድኩም እዩ ።

ብጠቕላልኡ ኣይተ ብርሃነ ትኩእ ናብ ሽረ ካብ ዝመፅእ ብዘይ ምንም ዕረፍቲ እናወደቀ እናተሰአ ብምስራሕ

ፕረዚደንት
President

- ምስ ዓከመሓላሽ ጣ.ል.ሽ ቦርድ ፈፃሚት ኮሚቴ ክባላት
- ምስ ዞባ ምምሕዳርን ፈፃሚት ን
- ምስ ወረዳ ምምሕዳርን ካብኔ ኣባላትን
- ምስ መናእሰይን ማሕበር ደ/ኣንስትዮን
- ምስ ነጋደ፣ ዓበይቲ ዓድን ዝተፈላለዩ ናይ መንግስቲ መ/ቤት ሓለፍትን ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ኣኼባ ብምዕዋዕ ስለ ማሕበር ልምዓት ሽረ መሠረታዊ ዕላማን ክሳዕ ሕዚ ዝተፈፀሙ ተግባራትን ዘጋጥሙ ፀገማትን ብዝርዝር ብምይይጥ እቶም ዝፀኑሑ ድኽማት ጎኒ ክስረዙን ጠንካራ ጎኖ ሒዝና ውህደትን ቅንጅትን ብምፍጣር ተሓባቢርና እናተናበብና ክንሰርሕን ብምስምዕማዕ ኣዋዲዱ ብተግባር ውን ስራሕ ኣጀሚሩን ኣንቀሳቂሱን እዩ ናባኻትኩም ተመሊሱ ።

ስለዚ ማ.ል.ሽ ቦርድ ፈፃሚት ኮሚቴን ጠቕላላ ሕ/ሰብና ናይ መንግስቲ ኣካላት ኩሎም ስለ ኣይተ ብርሃነ ትኩእ ልምዓታዊ ኣታሓሳስባን ፍቕሪ ዓድን ሕዝብን ከፍተኛ ኣድናቆት ዝፈጠረን ስረ ዘዕጥቅን ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ በዚ ኣጋጣሚ እዙይ ንኣይተ ብርሃነን ስሜን ኣሜርካ ማ.ል.ሽ ቦርድ ኮሚቴ ዓብይ ምስጋና ክነቕርብ ንፈቱ ።

ብተወሳኺ ቤተመፃሕፍትን ቤተመዘክርን ፕሮጀክትናውን ግራውንድ ፕላስዋት ደብዳብ ተጠናቂቁ ናብ ፓርትሽን ስራሕ ኣቲና ኣለና ኣብ ዝሓፀረ እዋን ክምንጠቃልል እምነትና እዩ ።ስለዚ ኣጀኹሙ ክነዕወት ኢ.ና ብሩቱዕ ንቡርቱዕ ጭንቀትናን ፀበባናን ነሓጺረ ግዜ እዩ ብድሕሪ ዝተወሰነ ገዜ ናይ ፕሮጀክትና ፍፃመ ናብ ካልእ ዕቡቅ ስሚዒትን ኣንፈትን ስለ ዝመረሓና ንመናእሰይ ዓድና ብሙሉኦም ብሩቱዕ ስሚዒት ፈጣርን ቀስቃስን ክኸነልና እዩ ። በዙይ ኣቢልና ውን ንተተካኣይ ወለዶ ቅርሲ ኣውርሲና ናይ ወለዶም ጠንካራ ፍቕሪ ዓድን ፅንዓትን መረኣያ ክም ዝኾኖም ክንገብር ኢ.ና ። ኣብ መጨረሻ ስለ ልምዓት ዓድኹሙን መነባብሮ ሕዝብኹም ምምሕያሽን ዘለኩም ኣመላካኽታን ግንዛበን ቡርቱዑን መምህርን ኾይኑ ስለ ዝረኸብናዮ ንሰሜን ኣሜርካ ቦርድ ማ.ል.ሽ ኮሚቴን ልኡኽም ኣይተ ብርሃነ ትኩእን ዘለና ኣድናቆትን ምስጋናን ካብ ኩሉ ነገር ንላዕሊ ምዃኑ ክነገልፀልኩም ንደሊ ።

«“ልምዓት ዓዲ ብወዲ ዓዲ ”
«“ዛዕባና ስለ ልምዓት ዓድና ”

ምስ ሰላምታ

[illegible]
Ayele Tella Presid...